الجبهة الديمقراطية لتحرير قومية الساهو الإرترية

Eretriyah Saahot Qawmiyah Xurriyat Dimokraasiti Dambar

ብሄራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ሓርነት ሳሆ ኤርትራ

National Democratic Front for Libration of Eritrean Saho

## *ዜና ብዲግሓሳኤ*

## *ጀጋኑ ተጋደልቲ ብሄራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ሓርነት ሳሆ ኤርትራ (ብዲግሓሳኤ) ኣብ ዝተፈላለየ ዓዲታት ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዕዉት ህዝባዊ ኣኼባታት ኣካይዶም ፡፡*

ጀጋኑ ተጋደልቲ ብሄራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ሓርነት ሳሆ ኤርትራ (ብዲግሓሳኤ)፤ ካብ 23 - 25 ጥሪ 2012 ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ምምሕዳር ኣሰድ ፤ መዐራን ኣሰድ ዝተባህለ ክልተ ዓዲታት ኮምኡውን ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ንኡስ ዞባ ገላዕሎ ምምሕዳር ከባቢ ዕንደሊ፤ ኣብ ላዕሎዋይ ዕንደሊን ታሕተዋይ ዕንደሊን ዝተባህለ ክልተ ዓዲታት ፡ (ጠቕለላ ኣብ ኣርባዕተ ዓዲታት) ዕዉት ህዝባዊ ኣኼባታት ኣሰላሲሎም ፡፡

ጀጋኑ ተጋደልቲ ብዲግሓሳኤ ኣብ ኣርባዕተ ዓዲታት ዘካየድዎ ጠቕላላ ከባቢ 130 ነበርቲ እተን ዓዲታት ዝኾኑ ዜጋታት ዝተሳተፉዎ ዕዉት ህዝባዊ ኣኼባታት ኣካይዶም ፤ ዕላማ መሪሕ ውድብና ብዲግሓሳኤ ፡ ጸረ ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ ብምእላይ ፤ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ዝተረጋገጸላ ኤርትራ ፡ ፍትሕን ማዕርነትን ብሄራዊ ህዝብታትና ንምርግጋጽ ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ብዛዕባ ኣብ ኤርትራ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ፤ ሓይልታት ዲሞክራስያዊ ለውጢ ዘካይድዎ ዘሎው ህዝባዊ ቃልሲ ሰፊሕ መብርሂ ሂቦም ፡፡

ጀጋኑ ተጋደልቲ ብዲግሓሳኤ ፤ ኣብ መብሪሂኦም ኣብ መወዳእታ 2011 ኣብ ኣዋሳ ዝተኻየደ ዕዉት ሃገራዊ ጉባኤን ውጽኢቱ ዝኾነ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጥን ክሳብ ሕጂ ተመዝጊቡ ዘሎ ዓወታትን ብዝምልከት ንህዝቢ ጉቡእ ሓበሬታ ኣስኒቖም ፡፡

ኣብ ኣርባዕቲኡ ዓዲታት ብህዝቢ ዝቐረበሎም ዝተወሰኑ ሕቶታት ብዝግባእ ብምምላሽ ፡ ኣብ መቓብር ቦኽቢኹ ዘሎ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ኣብ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ቃልሲ ኣበርክቶኦም ክዕዝዙ ሰውራዊ ጸውዒት ኣቕሪቦም ፡፡

ዕላማታት ብዲግሓሳኤ ዝገልጹ ጽሑፋት ብምዕዳል ኣኼባታቶም ብዓወት ዛዚሞም ፡፡

ጀጋኑ ተጋደልቲ ብዲግሓሳኤ ድሕሪ ሓሙሽተ መዓልቲ ፡ ተልእኾኦም ብዓወት ዛዚሞም ሎሚ ብ26 ጥሪ 2012 ናብ ቦተኦም ብሰላም ተመሊሶም ኣሎው ፡፡

ቤትጽሕፈት

ዜናንባህልንብዲግሓሳኤ

16 ጥሪ 2012